Uppsala kommun

Datum:
2020-12-02

Utbildningsförvaltningen
ሓበሬታ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ

# ሓደ ካብ ኣባላት ስድራ ቤት ኮቪድ-19 እንተ ድኣ ተረኺብዎ ተመሃሮ ኣብ ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም

ብመሰረት እቲ ሓድሽ ለበዋ ሰበ ስልጣን ህዝባዊ ጥዕና፡ (Folkhälsomyndigheten) ተመሃሮ ኣብ ካልኣይደረጃ ቤት ትምህርትን ፍሉይ ካልኣይ ደረጃ ቤትምህርትን ዝመሃሩ ተምሃሮ ሓደ ካብ ስድራ ቤቶም ብ ኮቪድ-19 እንተደኣ ተታሕዙ ኣብ ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም፡ ዋላኳ እቲ መንእሰይ ጥዑይን ምልክት ሕማምን ዘይብሉን እንተኾነ።

Kommenterad [HMH1]:

እዞም ለበዋታት እዚኣቶም ቅድም ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝምልከት ጥራይ ኢዩ ኔሩ ሕጂ ግን ዋላ ንኣብ ፍሉይ ካልኣይ ደረጃ ቤትምህርትን ዝመሃሩ ተምሃሮ እውን ኢዩ።

Kommenterad [HMH2]:

እዚ ማለት ከኣ ሓደ ኣብቲ ዝቕመጥዎ ገዛ ብኮቪድ-19 ከም ዝተለበደ እንተደኣ ተረጋጊጹ ተመሃሮ ንቤት ትምህርቲ ክኸዱ የብሎምን።

## ብኩራት ከምቲ ልሙድ ክምዝገብ ኣለዎ

ከምቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ልሙድ ዝኾነ ኣሰራርሓ ብኩራት ክምቲ ልሙድ ክምዝገብ ኣለዎ። እቲ ቤት ትምህርቲ ከኣ ብዝተኻእለ መጠን ዕዮ ገዛ ብምሃብ ወይ ብኻልእ መንገድታት ገይሩ እቲ ተመሃራይ ካብ ትምህርቱ ንኸይድሕር ጻዕሪ ይገብር።

## ምኽርን ለበዋታትን ሕክምና ተኸታተሉ

ኣብቲ ዝገበርካዮ መርመራ ኮቪድ-19 ከም ዘለካ እንተድኣ ተፈሊጡ ካብቲ ዝተመርመርካሉ ቦታ ንዓኻን ንስድራኻን ዝምልከት ክትክተሎ ዘለካ ሕግን መምርሕን ይወሃበካ። ነቲ ዝገበርካዮ መርመራን ሕግን ምውሻበ ስድራ ቤትን ዝምልከት ሕቶ ምስ ዝህልወካ ኣብዚ ዝስዕብ ተወከስ፥ [1177.se/Uppsala-lan](1177.se/Uppsala-lan)

## ጽንኩር ኩነታት

ብሰንኪ እዚ ወሪዱ ዘሎ ዓለምለኻዊ ተላባዒ ሕማም ምኽንያት ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርታትና ኣብ ጽንኩር ኩነታት ይርከባ። ኩሎም ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ድማ ተማሃሮ ብቑዕ ትምህርቲ ንኽቕስሙ ዝከኣሎም ይግብሩ።

Postadress: Uppsala kommun, utbildningsförvaltningen, 753 75 Uppsala
Telefon: 018-727 00 00
E-post: utbildningsforvaltningen@uppsala.se
www.uppsala.se

ዜና ኣብ መደበር ሓበሬታ ሰበስልጣን ጥዕና ከም ዝሕብሮ ሓደ ካብ ስድራ ቤት ብ ኮቪድ-19 እንተ ደኣ ተታሒዙ ዋላ ናይ ሕማም ምልክት ኣየርእዩ ቈልዑት ኣብ ገዛ እንተ ጸንሑ ዝሓሸ ኢዩ።

---

## ሓበሬታ ኣብ 1177

**ኣብ 1177.se ብብዙሓት ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዛዕባ ኮቪድ-19 ሓበሬታ ኣሎ።**

## ሃገራዊ መስመር ተለፎን ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ብዛዕባ ኮቪድ-19

ብዛዕባ ኮቪድ-19 መልስታት ንእዋናዊ ሕቶታት ንምርካብ ኣብ **08-123 680 00** ደውሉ።እዚ ሃገራዊ መስመር ተለፎን ኰይኑ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ሓፈሻዊ መልስታት ንሕቶታት ብዛዕባ ኮቪድ-19 ትረኽብሉ ኢዩ። እቲ መስመር መዓልታዊ ካብ 09.00 ክሳብ 15.00 ክፉት ኢዩ።. ተለፎን ኣብ ዝተዕጽወሉ ሰዓት እንተ ድኣ ደዊልኩም። ምእንቲ ክድወለልኩም መልእኽቲ ግደፉ።

እቲ ተለፎን ንናይ ጥዕና ዝምልከት መራኸብትን ወሃብቲ ሓበሬታታትን በዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት ዝዛረቡ ሰባት ይካየድ፡ እንግሊዝ፡ ዓራብ፡ ሶማሊያ፡ ፐርሽያ፡ ዳሪ፡ ትግሪኛ፡ ኣማሪኛ፡ ሩሲያ፡ ቦስኒያ፡ ክሮኣትስያ፡ ሰርቢያን እስጳኛን።

## ዝርግሐ ልበዳ ኮቪድ-19 ምርካብ

እንተ ድኣ ኣብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ኮቪድ-19 ተረኺቡሎ ተባሂሉ፡ ነቲ ዝርግሐ ልበዳ ንምርካብ ጻዕሪ ይካየድ። ዝርግሐ ልበዳ ኮቪድ-19 ምርካብ ማለት ከኣ ነቶም ኣብ ሞንጎ ሰባት ኣምሓላለፍቲ ዝኾኑ ሰንሰለታት ምልላዮም ማለት ኢዩ።

እቲ ዕላማ ድማ ቀልጢፍካ ነቶም ኣምሓላለፍቲ. ዝኹኑ ሰንሰለታት ብምብታኽ ነቲ ዝርግሐ ልበዳ ንምህዳእን ምድራትን ኢዩ።.

**ምርካብ ዝርግሐ ልበዳ፡ ማለት ኣምሓላለፍቲ ፈሊኻ ምፍላጥ ማለት ኢዩ**

- እቶም ብሓደ ብኮቪድ-19 ዝተጠቕዐ ዘልገበሎም ከ ቀጺሎም ንመን ኣልጊቦም ይኾኑ፧
- እቲ ጀማሪ መበገሲ ናይቲ ልበዳ ኮቪድ– 19 መን ወይ ካብ በዓል መን ለጊብዎ ይኸውን፧ ንኻልኦት ከ ንበዓል መን ለቢዱ ይኸውን፧
- ኣመጻጽኣ እቲ ልበዳ – ብኸመይን ኣበይን ኢዩ ጀሚሩ፧

ብኮቪድ-19 ዝተለበደ ተመሃራይ ንናይ ክፍሉ ሜንቶርን ፕሮግራም ሬክቶርን ብመይል ወይ ብቴለፎን ገይሩ የፍልጦም ፡ ድሕሪኡ ዝርግሐ ናይቲ ልበዳ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ንምርካብ ጻዕሪ ይግበር።

## ዕረፍቲ ልደት ቀሪቡ – ምድግጋፍን ምትሕልላይን

ተመሃሮ ዋላኳ ኣብ ሓደ ክፍሊ ብሓደ እንተተመህሩን ኣብ ቤት ትምህርቲ ብሓባር ኰይኖም እንተበልዑን ኣብ ናጻ ጊዜኦም ግና ምስ ብዙሓት ካብ ምርኻብ ክቑጠቡ ኣለዎም። ፌስታ ዘይምግባር ተኣኪብካ ዘይምዝንጋዕ። እዚኣም ቀንዲ ምንጪታት ናይ ልበዳ ስለ ዝኹኑ ካብ ምስታፍ ክንቁጠብ ኣለና፤ ስለዝኾነ ሓልዮት ንመቕርብናን ኣብቲ ሕብረተሰብ ተነቀፍቲ ንዝኾኑ፡

Datum:
2020-12-02



ሪስክግሩፕን ኣብ ሕክምና ንዝሰርሑን ከምኡ እውን ቤት ትምህርቲ ክፉት ኲይኑ ንኽቕጸል ሓልዮትን ጥንቃቐን የድልየና።

### ነዚ ዘክሩ: ተመሃሮ

- ተመሃሮ ናይ ሕማም ምልክት እንተርእዮም ኣብ ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም። ንመርመራ ቀጸራ ሓዙ ፡ ኣብቲ መርመራ መልከፍቲ ኣንተ ዳኣ ተረኺቡ ንቤት ትምህርቲ ኣፍልጡ። ዋላ መርመራ ይሃልዎም ኣብ ገዛ ይጸንሑ።
- ርሕቀት ሓልዉ (ናይ ቀረባ ርክብ ኣወግዱ ዋላ እቶም”ልሙዳት” ምትሕቁቛፋት)
- ኣእዳውኩም –ንንውሕ ዝበለ ጊዜ፡ ብተደጋጋሚ አዐሪኹም ተሓጸቡ።

ኩላትና ክንተሓጋገዝን ክንተሓላለን ክንደጋገፍን ኣሎና። እዚ ፍታሕ ንኽምጽእ ንሓደ ሰብ ዝተዋህበ ነገር ኣይኮነን። እዚ ሕጂ እትመርጾ  ኣክይዳ ንመጻኢ ዕድልካን መጻኢ ዕድል ካልኦትን ዝጸሉ ኢዩ። ሎሚ እትመርጾ ኣክይዳ ህይወት ከድሕንን ብዝቐልጠፈ ኽኣ ናብቲ ንቡር ናይ ቀደም ናብራኻ ከምትምለስ ክገብር ይኽእል።